## መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
## ኣብ ሽቱትጋርት ናይ ኣባላት ኣኼባ ኣካይዶም

### ክፍሊ ዜናን ባህልን
### ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
### 17 ጥሪ 2010

ብዕለት 16 ጥሪ 2010 ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ብኣባላት መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ዲ.ህ.ኤ) ዝተመርሐ ናይ ኣባላት ኣኼባ ተኻይዱ። ኣቶ ወልደኣብ ዘርኣይ፡ ነቲ ኣኼባ ብናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምኽፋቱ፣ ኣባላት መሪሕነት ሓድሽ ሰልፍና ኣብ መንጎና ተረኺብኩም፡ ጊዜኹም ወፊኹም ንዓና ከተባራትዑን ከተዕጥቑን፡ ንመቃለሲ ዝሕግዘና ስንቂ ክትህቡናን ብምምጻእኩም ብስም መላእ ኣባላት ክብ ዝበለ ምስጋናይ ኣቕርብ ኢሉ።

እዚ፡ ብወይዘሪት ኤርትራ ኣልኣዛር ኣባል መሰጋገሪ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፍን ሓላፊት ክፍሊ ምትእስሳር ጕዳያት ደቂ ኣንስትዮን፤ ኣቶ ብርሃነ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣባል መሰጋገሪ ማእከላይ ባይቶን ዝተመርሐ ናይ ኣባላት ኣኼባ'ዚ፡ ድሕሪ እቲ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ 2009 ዓ.ም ዝተጋብኤ ምጽንባራዊ ዋዕላ ናይ ሰለስተ ውድባት ኣብ ሽቱትጋርት ንመጀመርያ ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ኣኼባ ኢዩ።

ወይዘሪት ኤርትራ ኣልኣዛር፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝተዛዘመ ምጽንባራዊ ዋዕላ ዘሕለፎም ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ቅዋምን ኣመልኪታ ሰፊሕ መግለጺታትን መብርህን ሂባ። ኣቶ ብርሃነ ድማ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ዝሃበቶ መግለጺ ተወሳኺ መብርሂታት ሂቡ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ከም ኣባላት ናይዚ ሓድሽ ሰልፊ መጠን፡ ማዕረ'ቲ ናይ ህዝብና ትጽቢታትን ባህግታትን ክንከውንን፣ ንሕና ንድልየት ህዝብና ዘርዊ ናብ ዓወት ዘብጽሓና ስጡም ቃልሲ ከነካይድን ኣብ እንጽዋዓሉ ዘሎና መድረኽ ንኣቱ ምህላውና ተገንዚብና፣ ኵሉ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ንቕድሚት ምስጓም የድልየና ኣሎ ዝብል መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

ኣብ መወዳእታ፡ ካብ ተሳተፍቲ ኣኼባ ንዝቐረቡ ብርክት ዝበሉ ሕቶታት መሳጢ መልስን መብርህን ተዋሂቡ። ኣኼባ፡ ብለበዋን ዝኸሪ ስውኣትን ተደምዲሙ።